ጉድኣታት ስነልቦናዊ ኣካላዊ ጾታዊ ዓመጽን ምጉዳል ምቁራጽ ናይ መውለዲ ኣካላት ከም ምኽንሻብ ኢዮም።

ኣብ እዋን ቃለመሕትት እቲ ዝሓተኩም ናይ ቤት ጽሕፈት ሰራሕተኛን ኣተርጓማይን ኣየናይ ጾታ ክኾነልኩም ከምትደልዩ ድልየትኩም ክትገልጹ ትኽእሉ ኢኹም፡እዚ መመለታኹም ዝውሰን ብቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ዑቅባ ኮይኑ እንድሕር ተኽእሎታት ሃልዩ ክትግበር እዩ።

***ዳግመ መመልከታ ንናይ ዓለም ለኻዊ ዑቕባ***

*ዳግመ መመልከታ* ድሕሪ እቲ መጀመርያ ዘቕረብኩሞ ናይ ዓለም ለኻዊ ዑቕባ ናይ መወዳእታ ናይ ንጽገት ውሳኔ ካብ ፖሊስ ወይ ካብ ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ዑቕባ ወይ ካብ ናይ ይግባይ ኮሚቴ ሰብ መዚ ምስተወሃበኩም ፡ወይ ካብቲ ናይ ዓለም ለኻዊ ዑቕባ ኣቀዲምኩም ዘቕረብኩሞ ማመለከቻ ባዕልኹም ብምንሳሕብኩም ከምብሓድሽ ዝግበር መመልከታ እዩ፡

ዝምልከቶም ትካላት ንምምልካት ዳግመ መመልከታን ንዝተፈጠሩ **ሓደሽቲ ሓበሬታታትን ሰነዳትን ኩነታት**ን [ዘባውያን ቤት ጽሕፈታታ ዑቕባን ነብስን ዝኽኣላ ናይ ኣገልግሎት ዑቕባ ትካላት] ኮይነን ኣብቲ ትነብሩሉ ቀረባ ኣብ ዝኾና ብምኻድ ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም፡ ንመመልከታ ዳግመ መመልከታ ንምግባር ቆጽራ ንምሕዝ ምስትደልዩ ኣብ ናይ ሚኒስትሪ ስደተኛታት [ኤሌትሮኒክ መድረኽ] ብምእታው ቆጸራ ሓዙ፡፡

ድሕሪ ናይ መመልከታ ናይ ዳግመ መመልከታ ምግባርኩም ናይ ዓለም ለኻዊ ሓታታይ ዑቕባ ካርድ **ኣይወሃበኩም** እዩ፡፡

ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ዑቕባ ነቲ ዘቕረብኩሞ ሓበሬታታይትን ሰነዳትን ብምምርማር ኣብቲ ዘቕረብኩሞ መመልከታ ዳግመ መመልከታ ሓዲሽን ኣገዳስን ነገር ከምዘለዎ ብምጽናዕ ውሳኔ ከውጽእ እዩ፡እቲ መመልከታ ናይ ዳግመ መመልከታ ተቀባልነት እንድሕር ረኺቡ ጥራይ ናይ ዓለም ለኻዊ ሓታታይ ዑቕባ ካርድ ክወሃበኩም እዩ፡ ብድሕሪኡ ናይ ዑቕባ መመልከታኹም ብ ናይ ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ዑቕባ ክጽናዕ እዩ።

እንድሕር ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ዑቕባ ንናይ ዳግመ መመልከታ መመልከታኹም ነጺግዎ፡ ኣብቲ ውሳኔ ዝተወሃበኩም ሰነድ ከምዝሕብሮ ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ (5) መዓልታት ናይ ግዜ ገደብ ናብ **[ናይ ይግባይ ኮሚቴ ሰብ መዚ]** ይግባይ ክትብሉ ኣለኩም፡

ካልኣይ ግዜ ዳግመ መመልከታ እንድሕር ገይርኩም ኣብ እውን ምምርማር ናይቲ መመልከታኹም ብቀጥታ ካብ ንሃገርኩም ምምላስ /ምጥራዝ ኣይከላኸልኩምን፡

ካልኣይ ግዜን ብድሕሪኡን እንድሕር መመልከታ ገይርኩም ንነብስ ወከፍ መመልከታ ምስቲ መመልከታ ክፍሊት (ፓራቮሎ)(100€) ኢሮ ከተእትዉ ኣለኩም እቲ ክፍሊት (ፓራቮሎ) ዝኽፈል ብኤሌትሮኒካዊ መንገዲ [ኤሌትሮኒካዊ ክፍሊት (e-Παράβολο).] እዩ ስድራ ቤት እንድሕር ኮይንኩም እቲ ክፍሊት ብነብስ ወከፍ ኣባል ናይቲ ስድራቤት እቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ዓቀን እዩ ዝኸውን፡

## 2. ቃለ መሕትት ዓለም ለኻዊ ዑቕባ

እቲ ዝግበር ቃለመሕትት ብቃዓት ብዘለዎ ሰራሕተኛ ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ዑቕባ ኮይኑ ንሱ ነቲ ኣድለይቲ ዝኾኑ ነገራት ብምድላው ፡ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ዑቕባ ኣብ ዝወሰኖ መዓልትን ሰዓትን እቲ ቃለ መሕትት ክግበር እዩ።

ንዝሓተኩም ሕቶታት ብቕንዕናን ብሙሉእነትምን ክትምልሱ ኣለኩም፡እቲ ተቕርብዎ ጉዳያት ፍጻሜታት ሓቀኛን ሙሉእነትን ዘለዎ ክኸውን ኣለዎ ፡ከምኡውን ዝኾነ ይኹን ሓበሬታታት ምስ ጉዳይኩም ምትእስሳር ዘለዎም ክትሓብኡ ኣይግባእን ፡ እንድሕር ሓቀኛ ዘይኮነን ዘይተገብሩ ፍጻሜታትን ኣቕሪብኩም ኣብ ኣተሓሕዛ ናይቲ መመልከታኹም ኣሉታዊ ተጽዕኖ ክሕድር እዩ፡
እቲ ሰራሕተኛ ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ዑቕባ ኣብ እዋን ቃለመሕትት ብፉሉይነት ነቲ ኣብ መመልከታኹም ዘቕረብኩሞ ሓበሬታታት ክሓተኩም እዩ፡ መንነታዊ ሓበሬታታት ናይ መንነትኩም ፤ ብኸመይ መንገዲ ናብ ግሪኽ ከምዝመጻእኩም፤ ካብ መቦቆል ሃገርኩም ወይ ድማ ካብቲ ትነብሩሉ ዝነበርኩም ሃገር ዘውጻኣኩም ምኽንያት፤እንድሕር ዜግነት ኣልቦ ኮይንኩም ናብታ ሃገር ክትምለሱሉ ዘይትኽእሉሉ ወይ ድማ ዘይትደልዩሉ ምኽንያት ።ኣብ እዋን ቃለመሕትት ንጉዳይኩም ኣገዳሲ እዩ

- ብዘይ ዝኾነ ይኹን ክፍሊት ናይ ሓተቲ ዓለም ለኻዊ ዑቕባ ካርድ ክወሃበኩም እዩ፡ በዚ ካርድ እዚ አብ ሙሉእ ሃገር ግሪኽ ብሕጋዊ መንገዲ ንክትንቀሳቀሱ መሰል ይህበኩም እዩ፡
- ክሳብ ዘቕረብኩሞ መመልከታ መጽናዕቲ ዝውዳእ አብ ግሪኽ ክትጸንሑ መሰል አለኩም ፡ክሳብ እቲ ዘቕረብኩሞ መመልከታ መጽናዕቲ ዝውዳእ ምጥራዝ ኩልኩል እዩ።
- አብ ውሽጢ ሃገር ብነጻነት ክትንቀሳቀሱ ትኽእሉ ኢኹም፡ ብፋሉይ ግን እቲ ዝተወሃበኩም ናይ ሓተቲ ዓለም ለኻዊ ዑቕባ ካርድ ካብ ፋሉይ ትካል ናይዚ ሃገር እንድሕር ኮይኑን ናይ ጀግራፊያዊ እገዳ እንድሕር አልይዎ አብቲ ዘለኹሞ ቦታ ጥራይ ኢኹም ትንቀሳቀሱ።
- ንምዕባለታት ናይቲ ዘቕረብኩሞ መመልከታ፤ ናይ ግዜ ገደባት አብ ዝተፈላለየ ደረጃተት ፤ናይ ይግባይ መሰላትን ንመመከታኹም ዝምልከት ውሳኔ ሓበሬታታት በቲ ዝርደአኩም ቋንቋ ናይ ምፍላጥ መሰል አለኩም፡
- አተርጓማይ አብ ዝተፈላለየ ደረጃ ናይ መመልከታኹም ብዘይ ዝኾነ ይኹን ክፍሊት ናይ ምርካብ መሰል አለኩም ፡አብ ቀዳማይ ደረጃ አብ ካልአይ ደረጃ ብፋሉይነት ድማ አብ እዋን ቃለመሕትት አብ ቤት ጽሕፈት አገልግሎት ዑቕባ።
- [ናብ መበቆል ሃገር ብድልየት ናይ ምምላስ]() መሰል
- ምስ ውድባት ሕቡራት ሃገራት (O.H.E.)ላዕለዋይ ናይ ስደተኛታት ኮሚሽነር ክትራኸቡ ትኽሉ ኢኹም፡ከም ኡውን ምስ ማሕበራት ናይ ሕጊ ድጋፍ፤ሕክምና፣ ስነልቦናዊ ድጋፍ ምስ ዝህቡ ክትራኸቡ ትኽሉ ኢኹም።
- መሰላት [ቁጠባዊ ሓገዝ]() ስራሕ ስለዘይብልኩምን ንወጻኢታትኩም ንክትሸፍኑ አታዊ ስለዘይብልኩም
- መሰል ናይ መጽለሊ አብ ማእከል ናይ ኣጋይሽ መቀበሊ ወይድማ አብ ካልእ መጽለሊ (አብ መደባት መጽለሊ አብ ናይ ብሕቲ መንበሪ ገዛውቲ ወይ አብ ሆቴላት)፡
- መሰል ናይ ስራሕ ፡ ናይ ግሪኽ ሕጊ ቅድመ ኩነት ብዘማልእ መንገዲ ድሕሪ ሱሳ (60) መዓልታት ካብቲ መዓልቲ ናይ ዓለም ለኻዊ ዑቕባ መመልከታ ዘእተኹምሉን ናይ ሓተቲ ዓለም ለኻዊ ዑቕባ ካርድ ምስ አውጻእኩምን ።
- መሰል ውህበት [ናይ ግብሪ መለለዪ ቁጽሪ (AFM).]()
- ሰራሕተኛታት ዘለዎም መሰላትን ጉቡአትን ናይ ውሕስነትን ሕክምናን ልክዕ ከም ዜጋታት ናይ ግሪኽ እዩ፡
- መሰላት ናይ ምርካብ ሓካይምን መድሃኒትን ከምኡውን ሆስፒታላዊ ክንክን ብመንገዲ ውህበት [ግዝያዊ ማሕበራዊን ውሕስነትን ናይ ጥዕና ክንክን መለለዪ ቁጽሪ ናይ ደቂ ወጻኢ(PAAYPA)]() ።
- መሰላት ናይ ትምሕርቲ ምርካብ ንትሕት ዕድመ ዝኾኑ ሓተቲ ዑቕባ አብ መንግስታዊ ቤት ትምህርቲ ፡
- መሰላት ናይ ትምሕርቲ ምርካብ አብ ካላአይ ደረጃ ትምህርቲ ንለዕሊ ዕድመ ዝኾኑ ሓተቲ ዑቕባ ፡
- መሰላት ምርካብ ናይ ሞያዊ ፍልጠት ስልጠና፡
- 
- **ለ)ጉቡአት ናይ ናይ ሓተቲ ዓለም ለኻዊ ዑቕባ**

- **ከም ናይ ሓተቲ ዓለም ለኻዊ ዑቕባ አብ ግሪኽ እዞም ዝሰዕቡ ጉቡአት አለኩም**

- ናብ ግሪኽ ልክዕ ምስ አተኹም ብቀጥታ ናይ ዓለም ለኻዊ ዑቕባ መመልከታ ከተእትዉ አለኩም ፡
- ካርድ ናይ ሓተቲ ዑቕባ ኩልግዜ ምሳኹም ክህሉ አለዎ ፡ናይ ሓተቲ ዓለም ለኻዊ ዑቕባ ካርድ ግዝያዊ ካርድ እዩ ዝተወሰኑ መሰላትን ጉብአትን እዩ ዘቕርብ ከምኡውን ምስ መንመሪ ፍቃድ አይመዓረረይን እዩ ፡
- አብ እዋኑ እቲ ካርድኹም ክይትቃጸለ ከሎ ከተሐድስዎ አልኩም እንተደንጎየ እቲ ካርድ ምስተቃጽለ ክሳብ ድሕሪ ሓደ ናይ ስራሕ መዓልቲ ጥራይ እዩ ከተሐድስዎ ትኽእሉ፡
- ክሳብ እቲ ናይ መመልከታኹም መጽናዕቲ ዝውዳእ አብ ግሪኽ ክትጸንሑ አለኩም ፡ካብ ግሪኽ ወጻኢ ክትጓዙ አይትኽሉን –ብፋሉይነት ብቡርቱዕ ብሰብአውነት ምኽንያት ብዝተፈጥረ ኩነት ብምኽንያት ከቢድ ዝኾነ ናይ ጥዕና ጸገም እታ ካልእ ሃገር ንስኹም አብኡ ንክትርከቡ እንድሕር ዓዲማ ናይግድን ናብ ቤት ጽሕፈት አገልግሎት ዑቕባ መመልከታ ክትገብሩ አለኩም ናይ መጓዓዝያ ሰነድ ምእንቲ ክዳለወልኩም ፡
- ምስቶም ዝምልከቶም ሰብ መዚ ናይ ግሪኽ አብ መስርሕ ናይ መመልከታኹምን ንምጽራይን ንምርግጋጽን ናይ መንነትን ንተቕርብዎ ሓበረታታት ምትሕብባር ክትገብሩ ግዴታኹም እዩ፡፡
- ናብ ቤት ጽሕፈት ዑቕባ አብቲ ዝተመደበልኩም ናይ ቃለመሕትት ቆጸራ ክትርከቡ አለኩም፡
- እቶም ዝምልከቶም ሓለፍቲ ብአካል ንክትርከቡ መጸዋዕታ አብ ዝገብሩልኩም እዋን አብ እዋኑ ከይደንጎኹም ክትርከቡ አለኩም፡
- ናይ መግዓዝያ ሰነድ ( ፓስፖርት) እንድሕር አሊዩኩም ከተረክብዎ ይግባእ ፡ከሙኡውን ዝኾነይኹን ሰነድ ምስ መመልከታኹም ርክብ ዘለዎን ምስ ምርግጋጽ ናይ መንነትኩም ርክብ ዘለዎ ከተቕርብዎ ይግባእ፡
- ናይ መራኸቢታት መንገድታትኩምን ናይ መንበሪ አድራሻኹም አብ እትቕይሩሉ እዋን ንቤትጽሕፈት ዑቕባ

